# እንቋዕ ናብ ቅድመ ትምህርቲ ብደሓን መጸእኩም!



Förskoleförvaltningen

Göteborgs Stad

# ሰላም

ቅድመ ትምህርቲ ምጅማር ንዓኻን ንውላድካን ሓድሽን መሳጥን እዩ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ እትራኸብዎ ግዜ ከተስተማቅርዎ፡ ንመላእ ስድራቤት ዘዘናግዕ፡ ውሕሱን መሃርን ክኸውን ተስፋ ንገብር።

ኣብዛ ብሩሹር እዚኣ፡ ንስድራ ቤትካ ጽቡቕ ጅማሮ ክህቦም ዝኽእል ሓበሬታን ጽቡቕ ምኽርን ኣኪብና ኣሎና።

ዝኾነ ሕቶታት ምስ ዝህልወካ ኩሉ ግዜ ምስቶም ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ፡

**እንቋዕ ብደሓን መጹ!**

# ትሕዝቶ

**ትምህርትን ምዕባለን ህጻናት ኣብቲ ማእከል**
ተልእኾ  ቅድመ ትምህርቲ ........ 4

**ውላድካ ቅድመ ትምህርቲ ክጅምር ከሎ**
እቲ ስልጠና ብኸመይ ይሰርሕ ........ 6

**ግብራዊ ሓበሬታ**
መግቢ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ........ 8

ምኽልካል ጥረምረታት ........ 8

ክዳውንቲ ምስ ኩነታት ኣየር ዝኸይድ ........ 8

ቅድመ ትምህርቲ ንሓደ ቦታ ክንደይ ይኸፍል? ........ 10

ውሱን ናይ ስራሕ ሰዓታት ........ 10

መዓልታዊ ህይወት ዝቕልለሉ ኣፕ ........ 10

**ውላድካ እንተሓሚሙ** ........ 11

**ጽቡቕ ጅማሮ ዓመተ ትምህርቲ** ........ 12

**ንጽቡቕ ሂወት ህጻናት ዝግበር ምትሕብባር** ........ 14

**ውዳበን ሓላፍነትን** ........ 15

**ርክብ ሓበሬታ** ........ 16

# ትምህርትን ምዕባለን ህጻናት ኣብ ማእከል

ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ውላድካ ሓደስቲ ነገራት ይመሃር፡ ብውልቂ፡ ብጉጅለን ምስ ዓበይቲ ብሓባር ብምጽዋት፡ ብምፍጣርን ብምድህሳስን ይምዕብል።

ቅድመ ትምህርቲ ንህጻናት ዘነቓቕሕን ዝፈታተንን ትምህርቲ የጠቓልል። እቲ ትምህርቲ ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ቅድመ ትምህርቲ ዝተመስረተ እዩ። ብመንገዲ ጸወታ ህጻናት ንኽፈልጡ ዘለዎም ድሌት ንኽመሃሩን ንጥቀመሉ። ዝምባለታትን ድሌታት እቶም ህጻናት ነቲ ትምህርቲ ብኸመይ ከም እንውጥኖ ይጸልዎ እዩ።

ብዛዕባ ስርዓት ትምህርቲ ቅድመ ትምህርቲ ዝያዳ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሃገራዊ ትካል ትምህርቲ ሸወደን ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ውጥን ንኻልእ ነገራት ሓዊሱ ብዛዕባ ዕላማታትን ተልእኾን ቅድመ ትምህርቲ ዝያዳ ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ።

## ማዕረ መሰል ንኹሎም ህጻናት

ኩሎም ህጻናት ካብ ኣድልዎን ግህሰትን ነጻ ዝኾነ ውሑስ ሃዋህው ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ንመሰላት ህጻናትን ንኹሉ ዓይነት ግህሰት ንምምካትን ብንጥፈት ንሰርሕ።


ABBIS
JOJO
MILLE
ሰላም
ቅድመ ትምህርቲ
ከነርእየካ ኢና።
ሰዓበና!

# ውላድካ ቅድመ ትምህርቲ ክጅምር ከሎ

ቅድመ ትምህርቲ ብሌላ እዩ ዝጅምር፡ ንስኻን ውላድካን ምስቶም ሰራሕተኛታት፡ ቅድመ ትምህርቲን ልምድታትን ክትላለዩ ዕድል ትረክብ። ኣብ እዋን ምጅማር፡ ነቶም ሰራሕተኛታት ሕቶታት ክትሓቶምን ውላድካ እንታይ ከም ዘድልዮ ክትነግሮምን ትኽእል ኢኻ።

ድሕሪ እቲ ሌላ ምስቶም ኣብቲ ቅድመ ትምህርቲ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ንምዝርራብን ንምርኻብን ሓያሎ ዕድላት ኣሎ። ክትጽበዮም እትኽእል ኣኼባታት ኣብዚ ኣለዉ።

- **መዓልታዊ ኣኼባታት** – ሓጺር ገምጋም ውዕሎ ውላድካ።
  ዝያዳ ክትዛረብ ምስ እትደሊ ምስቶም ሰራሕተኛታት ቆጸራ ውሰድ።
- **ዘተ ምዕባለ** – ብዛዕባ ጽቡቕ ሂወት፡ ድሌታት፡ ምዕባለን ትምህርትን ውላድካ።
- **ኣኼባታት ወለዲ** – ሓበሬታ ብዛዕባ ተልእኾ ቅድመ ትምህርቲ፡ ዕላማታትን ህሉው ፕሮጀክትታትን።
- **እቲ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ዳህሳስ** – ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ቅድመ ትምህርቲ ብኽመይ ከምዝመሓየሽ  ዝእምት ሕቶታት ዝሓዘ መጽናዕቲ ክመጸካ እዩ። መልስኩም ንስራሕና ንምምሕያሽን ንምምዕባልን ይሕግዘና።

ኣቢስ ቅድመ ትምህርቲ ክትጅምር ከላ፡ ኣቡኣ ምስኣ ነይሩ። ብሓባር ነቲ ናይ ደገ ክዳን ኣብ መንጠልጠሊ ንግሆ ንግሆ ይሰቕልዎ ነይሮም።

ኣቢስ ስእሊ ምቕራጽ ትፈቱ፡ ኣብ መጀመርታ ኣቢስ ብዙሕ ግዜ ምስ ሓደ ሰራሕተኛ ዝነበረ ሰብ ብሓባር ትስእል ነይራ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ እቶም ሓደስቲ ኣዕሩኽ ይጻወቱ ነበሩ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ኣቢስ ተጸንቢራ ክትጻወት ደለየት።

ኣብ ዕረፍቲ ኣቢስ ደኺማ ንእተወሰነ እዋን ደቂሳ። እቲ ስልጠና ምስ ተዛዘመ፡ ኣቦአ ምስቶም ሰራሕተኛታት ተፋሊጡ ስለ ዝነበረ፡ ኣቢስ ኣብቲ ቅድመ-ትምህርቲ ጽቡቕ ከም ዘላ ርእሰ ተኣማንነት ተሰሚዕዋ።





# ግብራዊ ሓበሬታ

## እቲ መግቢ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ

ኣብቲ ቅድመ ትምህርቲ መዓልታዊ ቁርሲ፡ ምሳሕን ምቁር መግብን ነቕርብ። እዚ መግቢ፡ ህጻናት መዓልታዊ መኣዛውን ጥዕና ዘለዎን መግቢ ከምዝረኽቡ ንምርግጋጽ፡ ሃገራዊ ትካል መግቢ ሽወደን ዝሃቦ ምኽሪን መምርሕን ዝኽተል እዩ። ንሕና ልዑል ፍረታትን ወቕታዊ ፍረታትን ኣሕምልትን ዘለዎ መግቢ ነቕርብ።

**ውላድካ ፍሉይ ኣመጋግባ የድልዮ ድዩ?** ብዛዕባ ድሌታት ውላድኩም ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ፡ goteborg.se/matiforskolan ሓበሬታ ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም።.



## Nötförbud

ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ጥረምረታት ሒዝካ ናብ ቅድመ

ትምህርቲ ምምጻእ ኩልኩል እዩ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ጥረታት ከም ፉል፡ ማንዴልን ሰሊጥን ኣይቅረቡን እዮም። ጥረታት፡ ማንዴልን ሰሊጥን ከቢድ ቁጠዐ/ኣለርጂ ከስዕቡ ሰለዝኽእሉ።

እቲ ምኽልካል ኣብ ውሽጢ ገዛን ኣብ ደገን፡ ን24 ሰዓታት ዝሰርሕ እዩ።

## ክዳውንቲ ከከም ኩነታት ኣየር

ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ብዙሕ ኣብ ደገ ኢና ንውዕል፡ ስለዚ ምስ ኩነታት ኣየር ዝሰማማዕ ክዳውንቲ ክህልወና ኣገዳሲ እዩ። ውላድካ ኩሉ ግዜ ምቹእ ምእንቲ ክኸውን ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ቕያር ክዳንን ተወሳኺ ክዳንን ምህላው ጽቡቕ ክኸውን ይኽእል።

**ኣብቲ ክዳን ቆላዓ ስም ጸሓፍሉ**

ዮዮ መግቢ ይፈቱ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዮዮ ኩሉ እቲ ዝቐርብ ይበልዕ። እቶም ሰራሕተኛታት ዮዮ ኣብ ዝሳተፈሉ እዋን እቶም ኣዕሩኽ ዝያዳ ክፍትኑ ከም ዝደፍሩ ይርእዩ። ሓደ ሰብ ንመጀመርታ ግዜ ብሮኮሊ ይፍትን ካልእ ድማ ዝያዳ ሶስ ይወስድ ኣሎ። ዮዮ ድሮ በሊዑ ኣሎ።

ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ብሓባር ምብላዕ ኣገዳሲ እዩ።እቶም ሰራሕተኛታትን እቶም ቆልዑን እናበልዑ ብዛዕባ ኩሉ ዓይነት ነገራት ይዛረቡ። ድንሽ እንታይ ዓይነት ቅርጺ ኣለዎ? ዓተር ምልቃም ተራ መን እዩ? እቲ መግቢ ካብ ቋንቋ ክሳብ ሒሳብ ንኹሉ ንምልምማድ ዝሕግዝ ዕድል ይኸውን። ዋላ ኣብ እትበልዓሉ እዋን እውን ጽቡቕ ዓርኪ ንምኧን ይካኣል እዩ።



## ናይ ቅድመ ትምህርቲ ቦታ ክንደይ ይኽፍል?

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ንቦታ ውላድካ ክፍሊት ትኸፍል። እቲ ክፍሊት ኣብ ጠቕላላ እቶት ዝኽፈል ግብሪ ስድራቤትካ ይምርኮስ። ዋላ እቶም ወለዲ ዘይኮኑ ግን ካኣ መናብርትኻ ኣብ ጠቕላላ እቶት እታ ስድራቤት እቱው እዩ። ቅኑዕ ሓበሬታ ናይ ምርካብ ሓላፍነት ኣለካ ኣገዳሲ ድማ እዩ፡

ኣብ ኣታዊ ስድራቤትን ስራሕን ዝመጽእ ለውጢ ወይ ድማ ተተፈላልዮም ወይ ብሓባር እንተተኣኻኺቦም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ምሕባር። እታ ስድራቤት ግብሪ ዝኽፈል ኣታዊ እንተዘይብላ፡ ኣታዊ ክትመልእ ከለኻ 0 (ዜሮ) ኢልካ ጽሓፍ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ goteborg.se/forskoleavgift ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ውሱን ናይ ስራሕ ሰዓታት

ኣብ እዋን ሓጋይ ብዙሓት ቅድመ ትምህርቲ ይዕጸዋ እየን። ኣብቲ እዋን ውላድካ ቅድመ ትምህርቲ እንተድኣ ኣድልይዎ፡ ኣብ እዋን ሓጋይ ክፉታት ቅድመ ትምህርቲ ኣለዋ።

እቲ ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ግዜ ናይ መጽናዕቲ መዓልታት ኣለዎ። ማለት እቲ ቅድመ ትምህርቲ ይዕጾ ውላድካ ካኣ ነጻ ይኸውን። ንስኻ ዕረፍቲ ክትወስድ እንተዘይክኢልካ፡ ውላድካ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ከም ቀደሙ ክመሃር ይኽእል እዩ።

እዋናት በዓላትን መዓልታት መጽናዕትን ኣብ goteborg.se/forskola ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## መዓልታዊ ህይወት ዘቃልል ኣፕ

### ዩኒኩም ስድራቤት

ኣብ ኣፕ ዩኒኩም ፋሚሊ፡ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ፡ መዓልታዊ ህይወት፡ ምዕባለን ትምህርትን ውላድኩም፡ ብቐጥታ ብሞባይልኩም ክትከታተሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብቲ ቅድመ ትምህርቲ እንታይ ይፍጸም ከምዘሎን ካልእ ክትፈልጥዎ ዘለኩም ኣገዳሲ ሓበሬታን ክትፈልጡ ኢኹም፡

ስድራቤት ዩኒኩም ኣብ App ኣውርድ ንዝያዳ ኣፍልጥ ኣብዚ ተወከስ webben start.unikum.net.

### ኤስቲ ናይ ገዛ ቤት ትምህርቲ (IST Home Skola)

እቲ ናይ ውላድካ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ሰዓታት ኣብቲ ናይ ገዛ ቤት ትምህርቲ ኣፕ ምልኣዮ። እቲ ንስኻ እትመልኦ ግዜ ኣብቲ ንስኻ እትሰርሓሉ፡ ስራሕ እተደልየሉን ወይ ድማ ናይ ወለዲ ዕረፍቲ (ናይ ጉዕዞ ግዜ ሓዊስካ) ዘካተተ ይኸውን ።

እቲ ናይ ቆልዑ ግዜ መዓስ ምኳኑ ዝውሰን፡ ቅድመ ትምህርቲ ዝኽፈተሉን ዝዕጸወለን ግዜ ምስቲ ሰራሕተኛታት ዝሰርሕሉ ዝተሓሓዝ እዩ። ግዜ ምቕያር የድልየካ ተኾይኑ ኣብቲ ኣፕ እንተወሓደ ክልተ ሰሙን ኣቀዲምካ ምሕባር የድሊ።

ነቲ ኣፕ ክትጥቀመሉ እንተዘይክኢልካ ንቅድመ ትምህርቲ ብጽሑፍ መልእኽቲ ሃብ። ግዝያዊ ለውጢ ክትገብር ተደሊኻ ቅድሚ 24 ሰዓታት ኣመልክት። ንስኻ ካብ ስራሕ ነጻ ተኮንካ ውላድካውን ዕረፍቲ ይኸውን።

# ውላድካ ምስ ዝሓምም

ውላድካ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክጻወትን ኣብ ንጥፈታት ክሳተፍን ክኽእል መታን ጥዑይ ክኸውን ኣለዎ። ውላድካ ምስ ዝሓምም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ንቅድመ ትምህርቲ ክትሕብር ኣለካ። ብድሕሪ'ዚ ናብቲ ክፍሊ ደውል ወይ ካኣ ኣብቲ ኣፕ (IST Home Skola) ቴክስት ጽሒፍካ ተመዝገብ።

## ውላድካ ኣብ ገዛ መዓስ ክጸንሕ ኣለዎ?

» እቶም ሰራሕተኛታት እቲ ህጻን ድኻም ይስመዖ እንተሎን ንጥፈታት እንተኸቢድዎን ኣስተባሂሎም ይውስኑ።

» ሰዓል ወይ ረስኒ ኣብ ዝህልወሉ እዋን – እቲ ህጻን ቅድሚ ምምላሱ እንተወሓደ ን24 ሰዓታት ካብ ሰዓል/ረስኒ ነጻ ክኸውን ኣለዎ።

» ተላባዒ ሕማም ኣብ ዝህልወሉ እዋን።

» ዝነዝዕ ቁስሊ ወይ ኤክሴማ ኣብ ዝህልወሉ እዋን – እቲ ቆልዓ እቲ ቁስሊ ምስ ነቐጸ ክምለስ ይኽእል።

» ሕማም ከብዲ፡ ተምላስን ወይ ውጻኣትን። እቲ ህጻን ንቡር መግቢ ክሳብ ዝበልዕን እንተወሓደ ን48 ሰዓታት ካብ ምልክታት ነጻ ክኸውንን ኣለዎ።

» ኣቀዲምኩም ውላድኩም መዓስ ናብ ቅድመ ትምህርቲ ከም ዝምለስ ኣፍልጡና፡ ምእንቲ ኣብቲ ቦታ እኹላት ሰራሕተኛታት ክንምድብን መደብ ክንገብርን።

*ምምሕዳር ቅድመ ትምህርቲ፡ ንናይ ዞባ ቬስትራ ጎታላንድ ናይ ጽሬት ተግባራትን መምርሕታትን ይኽተል።*



# ጽቡቕ ጅማሮ ቅድመ ትምህርቲ

መጽናዕትታት ቅድመ ትምህርቲ ንተመሃሮ ህጻናት ዓቢ ጽልዋ ከምዘለዎ ይሕብሩ። ኣብ ናይ ጸወታ ሃዋህው፡ ህጻናት ኣብ ከም ቋንቋ ዝኣመሰሉ ዓውድታት ክእለቶም የማዕብሉ።

መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ቅድመ ትምህርቲ ዝተማህሩ ህጻናት ትምህርቲ ክጅምሩ ከለዉ ብቋንቋን ሒሳብን ቅድመ-ምድላው ኣለዎም።

**ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ህጻናት፡**

» **ምትሕብባር**

» **ናይ ሓባር ምክፋል**

» **ጸገማት ምፍታሕ**

**ንባብ ንህጽናት ሓሳባቶምን ቃላቶምን የስፍሕን የማዕብልን**

ሚለ ናብ ቅድመ ትምህርቲ ብጥቃ ሓደ ህንጻ ሓሊፉ እያ ትኸይድ። ሓድሽ ናይ ስፖርት ኣዳራሽ ክህሉ እዩ። ሚለ መሳጢ ከም ዝኸውንን ብዝሓት ዝራኣዩ ነገራት ክህሉ እዩ ትብል። ኣብቲ ናይ ምትእኽኻብ ግዜ ሚሊ ንኣዕሩኽቱ ብዛዕባ’ቲ ናይ ኩዕታ መሳርሒ ይነግሮም ነይሩ።

ንጽባሒቱ ኩሉ ሰብ በቲ ቅድመ-ትምህርቲ ክሓልፍ ከሎ እንታይ ይግበር ከምዘሎ ይርኢ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ምስ ተመልሱ፡ ሚሊን ገለ ኣዕሩኽቱን ኣብቲ ቀጽሪ ትምህርቲ  ናይ ገዛእ ርእሶም ህንጻ ይሰርሑ።



# ንጽቡቕ ሂወት ህጻናት ዝግበር ምትሕብባር

ኩሎም ህጻናት ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ንኽምዕብሉን ጽቡቕ ስምዒት ንኽስምዖምን ዕድል ክህልዎም ይግባእ። ኣብ ምምሕዳር ቅድመ ትምህርቲ ፍሉያት ክእለት ዘለዎም መምህራን፡ ናይ ምዝራብን ስነ-ልቦናን ኪኢላታት ኣለዉ፡ ፡ንሕና ምስ BVCን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ካልኦት ምስ ስድራቤታት ርክብ ዘለዎም ትካላት ንጥፈታት ንተሓባበር።

### ንስድራቤት ዝግበር ደገፍ

ምስ ውላድካ ዘለካ ርክብ ከተደልድል ትደሊ ዲኻ ወይ ካኣ ኣብ ኣተዓባብያ ወላድ ደገፍ ክትረክብ ትደሊ?

ኣኼባታት ኤቢሲን ካልኦት ኮርሳትን ንሓባራዊ ርክባትን ምኽርታት፡ ብዲጂታል ወይ ኣብ ኣድራሻ ኣስተምህሮ ንህብ። ብዛዕባ ኣብ ቀረባኻ ዘሎ ክትፈልጥ ኣብ goteborg.se/foraldrastod ኣንብብ።

ሓደ ሓደ ግዜ ስድራቤታትን ቆልዑን ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም፡ ንኣብነት ኣብ ምዕባለን ጥዕናን እቲ ህጻን ዝምልከት። ውላድካ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ሓገዝ ዝረክብ እንተኾይኑ፡ SIP (ዝተዋሃሃደ ውልቃዊ ውጥን) ክትጥቀም መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ። እንተኣድልዩካ ንርእሰ መምህር ቅድመ ትምህርቲ  ሕተቶ።

### ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ምስጢር ምሕላው ግዴታ ኣሎና።

ኩሎም ሰራሕተኛታት ናይቲ ቅድመ ትምህርቲ ብሚስጢር ዝተቐየዱ ኮይኖም ምስ ዝኾነ ናይ ደገ ሰብ ውልቃዊ ሓበሬታ ከካፍሉ ኣይፍቀደሎምን።

### ኩሎም ህጻናት መድሕን ኣለዎም።

ኩሎም ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዝርከቡ ህጻናት፡ ኣብ ባሕሪ መዝገብ ዮተቦሪ ዝተመዝገቡ ን24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ናይ ሓደጋታት መድሕን ውሕስነት ኣለዎም። እቲ መድሕን ንሓደጋታት ጥራይ ዝምልከት እዩ። ብዛዕባ መድሕን ህጻናትን ተማሃሮን ዝያዳ ኣብ goteborg.se/forskola ኣንብቡ።

# ውዳበን ሓላፍነትን


ምምሕዳር ቅድመ ትምህርቲ ዮተቦሪ ንኣስታት ዕስራ ዝኮና ክፉታት ቅድመ ትምህርቲ፡ ኣስታት 360 ኮሙናዊ ቅድመ ትምህርትን ንኣስታት 25,000 ዝኾኑ ህጻናት ኣብ ዮተቦሪ ሓላፍነት ኣለዎ።

ኣብ ቅድመ ትምህርቲ፡ ነቶም ህጻናት ዘዘናግዕ፡ ውሑስን መሃርን ዝኮነ መዓልታዊ ንጥፈት ንምሃብ ብሓባር ዝሰርሑ ሓያሎ ዝተፈላለዩ ሞያዊ ተራታት ኣለዉ።

**ርእሰ መምህር** ሓፈሻዊ ሓላፍነት ስለዘለዎ እቶም ስርሒታት ከምቲ ዝድለ ክሰርሑ ይመርሕ። **መምህር ቅድመ ትምህርቲ**፡ እቲ ኣስተምህሮ ነቲ ስርዓተ ትምህርቲ ዝኽተል ምዃኑን እቲ ትሕዝቶ ትምህርታዊ ምዃኑን ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ። ክልቲኦም መምህራን ቅድመ ትምህርቲን **ኣለይቲ ህጻናትን** ነቶም ህጻናት ኣብ ትምህርቶምን ምዕባለኦምን ይሕግዝዎም።

ብዛዕባ ኣወዳድባን ናይ ስራሕ ቦታን ምምሕዳር ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ከተማ ዮተቦሪ ዝያዳ ኣብ መርበብ ሓበሬታና goteborg.se/forskoleforvaltningen ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።





# ሕቶታት ኣለኩም ዶ?

ኣብ ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ **goteborg.se/forskoleservice** ኣቲኹም ተወከሱ።

ናይ ቴሌፎን ሰዓታት ካብ ሰኑይ–ዓርቢ ካብ ሰዓት 08:00–16:30
**ስልኪ:** 031-365 09 60

**ኣብ ማእከል ሓበሬታ ከተማ ዮተቦሪ፡**
ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ስልኪ: 031-365 00 00

ኣብ goteborg.se/forskola ብዛዕባ
ኣብ ዮተቦሪ ዝርከባ ቅድመ ትምህርቲ ዝያዳ
ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም፡ ብዛዕባ ቅድመ
ትምህርቲ ድማ ርእይቶታት ክትገድፉ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዮተቦሪ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዝፍጸም ዘሎ ዜናን ርድኢትን ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ፌስቡክን ሊንክድሊን ተኸታተሉ።**



Göteborgs Stad 250320-003-608 Tryck: Ale Tryckteam AB Maj 2025